# መቝጸርያይ
## ሕብሪ ዝልከ መጽሓፍ

# 10


Written by
Millicent Omondi
Illustrated by
Richard Maina
Cover design by
Manolito Corpuz

ተርጉምቲ
እናቴ ንግስቲ ሚካኤል
ቢንያም ዮሴፍ



Paulines Publications Africa

ይተኃተም፡-

✝ ኣቡነ መንግሥተኣብ ተስፋማርያም
ጳጳስ ሰበካ ኣሥመራ

# መቑጸርያይ

## 10

ብኃልዮት መንበረ ጵጵስና ሰበካ ኣሥመራ
ዝተኃትመ ኢዩ።

© መሰል ኣኅታሚኡ ብሕጊ ዝተሓለወ ኢዩ።

ቤት ማኅተም ፍራንቸስካና

ኣሥመራ ሰነ 2010

# My Rosary


## 10

© copyright, The Catholic Eparchy Of Asmara
ISBN - 99948 - 50 - 07 - 5

All rights are reserved

Franciscan Printing Press

Asmara 2010
Eritrea



# መቍጸርያ እተዘውትር ስድራ

ነፍስ ወከፍ ቀዳም ምሸት ኵላትና ስድራ ኣብ ገዛና ተኣኪብና መቍጸርያ ንገብር። ኣቦይን ኣደይን፡ መቍጸርያ ምስ እንገብር ካብ ኣምላኽን ማርያም ድንግልን ብዙሕ ጸጋታት ከም ንረክብ ኵሉ ሻዕ ይነግሩና። ሎሚ ሰኑይ እዩ። ኣደይ ኣብ ሰኑይን ቀዳምን ናይ ደስታ ምስጢር፡ ሓሙስ ናይ ብርሃን ምስጢር፡ ሰሉስን ዓርብን ናይ ሕማም ምስጢር፡ ኣብ ሮቡዕን ሰንበትን ከኣ ናይ ክብሪ ምስጢር ክንዝክርን ክን ሓስብን ከም ዘለና ትምህረና።

## መቑጸርያ እንታይ እዩ?

መቑጸርያ ኣደይ ማርያም ንኣምላኽን ንኢየሱስ ወዳን ምእንቲ ክትልምነልና ነዘውትሮ ጸሎት እዩ።

ኣብቲ ምሉእ መቑጸርያ፡ ኣደ ኢየሱስ ክትከውን ሕራይ ስለ ዝበለት ንማርያም ነኽብራ። ብዛዕባ ምሉእ ሕይወት ኢየሱስ፣ ካብ ልደቱ ክሳብ ናብ ሰማይ ምዕራጉ እውን ነስተንትን።

እዞም ኵሎም ፍጻሜታት ኣብቶም ናይ ደስታን ብርሃንን ሕማምን ክብርን ምስጢራት ተባሂሎም ዝፍለጡ 20 ምስጢራት ይዝከሩ።

ኣብ ናይ ደስታ ምስጢር ንልደትን ቍልዕነትን ኢየሱስ ንዝክር።
ኣብ ናይ ብርሃን ምስጢር፡ ንስብከትን ስራሕን ኢየሱስ ንዝክር። ኣብ ናይ ሕማም ምስጢር ንስቓይን ሞትን ኢየሱስ ንዝክር። ኣብ ናይ ክብሪ ምስጢር ከኣ ኢየሱስ ንሞት ከም ዝሰዓሮ ንዝክር።

## ትእምርቲ መስቀል

ብስም ኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን፡ ሓደ ኣምላኽ፡ ኣሜን።

## ኣቦና ኣብ ሰማይ

ኣቦና ኣብ ሰማይ እትነብር ስምካ ይቀደስ፡ መንግስትኻ ትምጻእ፡ ፍቓድካ ኣብ ሰማይ ከም ዝኾነ ከምኡ'ውን ኣብ ምድሪ ይኹን።
መግቢ ዕለትና ሎሚ ሃበና፤ ንዝበደለና ይቕረ ከም እንብል፣ ንዝበደልናካ ይቕረ በለልና፤ ናብ ፈተና ኣይተእትወና፤ እን ካብ ክፉእ ሰውረና፤ ኣሜን።

## ሰላም ንኣኺ

ሰላም ንኣኺ ኦ ማርያም ጸጋ ዝመልኣኪ፡ እግዚኣብሔር ምሳኺ እዩ። እንካብ ኣንስ ቲ ዝተባረኽኪ ኢኺ፡ ናይ ከርስኺ ፍረ ኢየሱስ ከኣ ዝተባረኸ እዩ። ኦ! ቅድስቲ ማርያም ኣደ ኣምላኽ ለምንልና፡ ንኣና ን ሓጥኣን፡ ሕጂን ብግዜ ሞትናን ኣሜን።

## ስብሓት

ስብሓት ንኣብን ንወልድን ንመንፈስ ቅዱስን ይኹን፤ ጥንቲ ከም ዝነበረ፡ ሕጂ ኸኣ ንወትሩን ንዘልኣለም ዓለምን፤ ኣሜን።

## ኦ ኢየሱሰይ

ኦ ኢየሱሰይ! ንበደላትና ይቕረ በለልና፡ ካብ ሓዊ ገነመ እሳት ሰውረና፤ ኾሎን ነፍሳት፡ ብፍላይ ነተን ምሕረትካ ዘድልየን ንሰማይ ውሰደን።

## ሰላም ንኣኺ ኦ ንግስቲ

ሰላም ንኣኺ ኦ ንግስቲ፡ ሰላም ንኣኺ ኦ ኣደ ምሕረት፡ ሕይወትናን ተስፋናን ሰላም ንኣኺ። ንሕና ስደተኛታት ደቂ ሄዋን ናባኺ ደገ ንጸንዕ ኣሎና። ኣብዚ ቈላ ንብዓት ኴንና እናሰኽናን እናነባዕናን ናባኺ ንምሕጸን ኣሎና። ሃየ ደጊም ከስ ኦ ጠበቓና ነተን ርህሩሃት ኣዒንትኺ ናባና ምለሲ። ድሕር'ዚ ስደት'ዚ ነቲ ብሩኽ ፍረ ከርስኺ ኢየሱስ ክርስቶስ ኣርእይና። ኦ ርሕርሕቲ፡ ኦ መሓሪት፡ ኦ ጥዕምቲ ድንግል ማርያም፡ ኣብ ትሕቲ ጽላል ኣኽናፍኪ ንምዕቈብ ኣሎና። ኦ ብርኽትን ምስግንትን ወላዲተ ኣምላኽ ልመናና ኣይተስተናዕቒ፣ ብግዜ ውድቀትና ካብ ክፉእ ኣናግፍና፣ ኣሜን።

## ናይ ደስታ ምስጢር

(ሰኑይን ቀዳምን)




# 1ይ ምስጢር፤ መልኣኽ ንማርያም ኣበሰራ

ገብሪኤል መልኣኽ ንድንግል ማርያም ኣደ ኣምላኽ ከም እትኸውን ኣበሰራ። ማርያም ድማ፣ “እኔኹ ኣነ ባርያ እግዚኣ ብሔር እየ፣ ከምቲ ዝበልካኒ ይኹነለይ፣” ኢላ መለሰትሉ። ኦ ኢየሱሰይ፣ ከም ኣዴኻ ትሑትን እዙዝን ክኸውን ሓግዘኒ።



## 2ይ ምስጢር፤ ማርያም ንኤልሳቤጥ በጽሓታ

ኤልሳቤጥ፡ ዘመድ ማርያም፡ ነቲ ንኢየሱስ ዘጠመቐ ዮሓንስ መጥመቕ ጠኒሳ ነበረት። ሽዑ ሻድሻይ ወርሓ ሒዛ ነይራ። ኤልሳቤጥ ኣዝያ ደኺማ ኽትከውን ነይሩዋ፡ ምኽንያቱ ንሳ ዝጠነሰትሉ እዋን ኣሪጋ እያ ነይራ። ሽዑ ማርያም ስራሕ ገዛ ክትሕግዛ እያ ኸይዳታ። ኦ ኣምላኸይ፡ ከም ማርያም ጻዕረኛን ሓጋዚ ሰብን ክኸውን እየ ዝደሊ።



## 3ይ ምስጢር፤ ኢየሱስ ኣብ ቤተልሔም ተወልደ

ማርያም ድሕሪ ትሽዓተ ወርሒ ንኢየሱስ ሓረሰት። ኢየሱስ ኣብ ዓቢ ድኽነት እዩ ተወሊዱ፤ ኣብ ሓደ ሕሱር፣ ከብትን ኣድግ በቕልን ዝምገባሉ መብልዕ ሓሰር። ኦ ኢየሱሰይ፣ ከማኻ ምቕሉል ክኸውን ሓግዘኒ። እቲ ድኻታት ዘይረኽብዎ ጣዕሚ ናብራ ንኽነብር ኵሉ ሳዕ ድሉው ከም ዝኸውን ግበረኒ።



## 4ይ ምስጢር፤ ኢየሱስ ናብ ቤት መቕደስ ቀረበ

ኢየሱስ ኣብ ሻምናይ መዓልቲ ልደቱ፣ ወለዱ ኣብ እግዚኣብሔር ከቕረብዎ ናብ ቤት መቕደስ ወሰድዎ። ኣቦይን ኣደይን ኣምላኽ ንኣይ ዝሃቦም ኵሉ ሻዕ እዮም ዘመስግኑ። ኣነ እውን፣ ኣምላኸይ፣ ሕይወት ስለ ዝሃብካኒ ኣመስግነካ። ኣነ ኵሉ ሻዕ ከፍቅረካ እየ። ንፉዕ ድማ ክኸውን እየ።



## 5ይ ምስጢር፤ ኢየሱስ ኣብ ቤት መቕደስ ተረኺበ

ኢየሱስ ቀልጢፉ ዓበየ! ሽሕ'ኳ ንእሽተይ እንተ ነበረ፥ ኣብ ቤት መቕድስ ተሪፉ ነቶም ዓበይቲ ሰብኡት ብዛዕባ እግዚኣብሔር ኣቦኡ መሃሮም። ወለዱ ተሻቒሎም ክደልዩዎ ቐነዩ። ኣብ መወዳእታ ኣብቲ ቤት መቕደስ ረኺብዎ። ኦ ኢየሱሰይ፥ ነቶም ኵሉ ሻዕ ኣዝዮም ዝሓልዩለይ ወለደይ ስለ ዝሃብካኒ አመስግነካ።

## ናይ ብርሃን ምሥጢር
## (ሓሙስ)



**1ይ - መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ኣብ ሩባ ዮርዳኖስ ተጠምቐ።**

**“ኢየሱስ ምስተጠምቀ ብኡ ብኡ ካብ ማይ ወጽአ፤ እነሆ ከኣ ሰማያት ተኸፍተ፣ መንፈስ ኣምላኽ ድማ ከም ርግቢ ኣብ ርእሱ ኪዓልብ ረኣየ።” (ማቴ.3፥16)።**

**ኦ ኢየሱሰይ መንፈስካ ኣብ ልዕለይ'ውን ይውረድ።**



**2ይ -መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ኣብ ቃና ናይ ገሊላ ኣብ ዝተገብረ መርዓ ተኣምራቱ ጀመረ።**

**“ኣዲኡ ከኣ ነቶም ተዓጠቕቲ፡ ንሱ ዚብለኩም ኩሉ ግበሩ በለቶም” (ዮሓ.2፥5)።**

**ኦ ኢየሱሰይ ነቲ ንሸኻ እትደልዮን እትብሎን ክገብር ሓግዘኒ።**



**3ይ - መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ተነስሑ ኣብ ወንጌል'ውን እመኑ ብምባል መንግስቲ ኣምላኽ ኣበሰረ።**

**"እቲ እዋን በጺሑ እዩ፣ መንግስቲ ኣምላኽ ቀሪባ እያሞ ተነስሑ፣ ብወንጌል እውን እመኑ" (ማር.1፣15)።**


**ኦ ኢየሱስ ኣብ ዝተጋገኹሉ ብንስሓ ናባኻ ክመጽእ ሓግዘኒ።**



4ይ - መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ኣብ ደብረ ታቦር ትርኢቱ ተለዊጡ ኣንጸባሪቑ።

“ካብቲ ደመና፡ እቲ ዝሓረኽዎ ወደይ እዚ እዩ፡ ነኣኡ ስምዕዎ’ ዝብል ድምጺ ወጽአ” (ሉቃ.9፡35)።

ኦ ኢየሱሰይ፡ ወለደይ፡ ቆመሰይ፡ መማህራነይ ኣሕዋተይ ዝብሉኒ ክሰምዕ ሓግዘኒ።



## 5ይ - መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ምስጢረ ቅዱስ ቍርባን ሰርዐ።

“እንጌራ ኣልዒሉ፥ ኣመስጊኑ ቈሪሱ፥ እዚ ምእንታኹም ዚወሃብ ዘሎ ሥጋይ እዩ፤ ... ነቲ ጽዋዕ ኣልዒሉ ‘እዚ ጽዋዕ’ዚ ምእንታኹም ብዚፈስስ ደመይ ዝተገብረ ሓዲሽ ኪዳን ... ’ በለ” (ሉቃ.22፥19-22)።


ኦ ኢየሱሰይ ቅዱስ ስጋኻን ክቡር ደምካን ዝቕበለሉ ዕለት ኣብጽሓኒ።

## ናይ ሕማም ምስጢር
## (ሰሉስን ዓርብን)




# 1ይ ምስጢር፤ ኢየሱስ ኣብ ጌተሰማኒ ጸለየ

ኢየሱስ ምእንታና ማዕረ ኽንደይ ከም ዝሳቐ ይፈልጥ ነይሩ። ምኽንያቱ ሓጢኣትና ኣዝዩ ብዙሕ ስለ ዝኾነ ንሱ ድማ ክንድኡ ክሳቐ ነይሩዎ። ኣይትሓዘለይ ኢየሱሰይ፡ ምኽንያቱ ብሓጢኣተይ ኣቐኒሲለካ፡ ምእንታይ ብዙሕ ከም ትሳቐ ገይረካ። ብሕይወት ክሳብ ዘለኹ፡ ኣብ ቅድሜኻ ኵሉ ሻዕ ቅኑዕ ክኸውን ሓግዘኒ።



## 2ይ ምስጢር፤ ኢየሱስ ብዘይምሕረት ተገርፈ

መሸኪናይ ኢየሱስ! ምእንታይ ክብል ብድልየቱ ተቐጥቒጡ። ኢየሱሰይ፥ ምእንታኻን ምእንቲ ኻልኦት ሰባትን ንኹሉ ዘጋጥመኒ ስቓይ ብምሉእ ልበይ ክቕበሎ ሓግዘኒ።




## 3ይ ምስጢር፤ ንኢየሱስ ኣኽሊል እሾኽ ደፍኡሉ

ዋላ ኣኽሊል እሾኽ ገይሮም ርእሱ እናወግእዎ ሱቕ ኢሉ ተጸሚሙ። ሓንቲ ከም ዘይበደሎም'ኳ ይፈልጥ እንተ ነበረ ኣየዕዘምዘመን። ኦ ኢየሱሰይ፣ ብዝጠቕምን ዘይጠቕምን ነገራት ከየጕረምርምን ከምቲ ንሰኻ ንስቓይካ ዝተቐበልካዮ ገይረ ንስቓየይ ክቕበልን ሓግዘኒ።



## 4ይ ምስጢር፤ ኢየሱስ መስቀሉ ጾረ

እቲ መስቀል ብዘይመጠን ከቢድ እቲ መንገዲ ጐልጐልታ ድማ ርሑቕ ነበረ። ኢየሱስ ስለ ዘፍቀረናን ምእንታና ክመውት ስለ ዝደለየን ንመስቀሉ ክሳብ ጐልጐልታ ተሰከሞ። ኦ ጥዑም ኢየሱሰይ፣ ነቲ ምእን ታይ ዝተሰከምካዮ መስቀል ኽካፈሎ እደሊ ኣለኹ። ምኽንያቱ ኣፍቅረካ እየ። ብዙሕ ክትሳቐ እውን ኣይደልየካን እየ።




## 5ይ ምስጢር፤ ኢየሱስ ኣብ መስቀል ተሸንኪሩ ሞተ


ኢየሱስ ምእንታይ እዩ ሞይቱ። ብመስቀሉ ንሓጢኣተይ ጸሪጉለይ። የቐንየለይ ኢየሱሰይ! ነቲ ኹሉ ዝገበርካለይ ጽቡቕ ብምንታይ እየ ዝኽሕሰካ? ኦ ጥዑም ጐይታይ፣ ብምሉእ ልበይ ከፍቅረካን ሕይወተይ ክውፍየልካን ድሉው ኣለኹ።

## ናይ ክብሪ ምስጢር
(ረቡዕን ሰንበትን)




## 1ይ ምስጢር፤ ኢየሱስ ካብ ሞት ከም ዝተንሰአ

ኢየሱስ ካብ ሞት ተንሲኡ ንሞት ሰዓሮ። ሕጂ፡ ኣብ ልዕሊ ኹሉ ስልጣን ኣለዎ። ኣነ ኣብ ኢየሱስ እንተ ኣሚነ ንዘለኣለም ክነብር እየ። ኢየሱሰይ፡ ሓጢኣተይ ስለ ዝሓጸብካለይን ካብቲ ርጉም ዲያብሎስ ሓራ ስለ ዘውጻእካንን ኣመስግነካ ኣሎኹ።



## 2ይ ምስጢር፤ ኢየሱስ ናብ ሰማይ ዓረገ

ኢየሱስ ብሞቱ ንኣና ምስ ኣቦኡ ምስ ዓረቐና ናብ ሰማይ ዓረገ። ኢየሱስ ካብ ሓጢኣተይ እንካብ ኣድሓነኒ እምበኣር፡ ንኣይ ስድራ እግዚኣብሔር ጥራይ እያ ትብጽሓኒ። ንሱ፡ “ስፍራ ከዳልወልካ እኸይድ ኣለኹ፡” ኢሉኒ እዩ። ኦ ኢየሱሰይ፡ ስለ ዘፍቀርካኒ ኣመስግነካ።



## 3ይ ምስጢር፤ መንፈስ ቅዱስ ኣብ ልዕሊ ሓዋርያት ወረደ

ኢየሱስ ከም ቃሉ ንሓዋርያቱ መንፈሱ ሰደደሎም። መንፈስ ቅዱስ ንሓዋርያት ሓይልን ትብዓትን ክህቦም እዩ ዝመጸ። ኢየሱሰይ፡ ንምሉእ ሕይወተይ ሓይልን ትብዓትን ምእንቲ ክህበኒ መንፈስካ ስደደለይ።



## 4ይ ምስጢር፤ ማርያም ናብ ሰማይ ፈለሰት

ንኣደ ኢየሱስ መላእኽቲ መጺኦም ናብ ሰማይ ወሰዱዋ። ኢየሱሰይ፣ ነፍሰይን ስጋይን ወሲድካ ናትካ ግበሮ። ሓደ መዓልቲ ኣብቲ ንሰኻ ዘለኻዮ ምስኣ ምእንቲ ክኸውን፣ ከም ማርያም ንጹሕ ግበረኒ።



## 5ይ ምስጢር፤ ማርያም ከም ዝነገሰት

ማርያም ንግስቲ ሰማይን ምድርን እያ። ንሳ ንግስቲ እያ፡ ምኽንያቱ፡ ንኢየሱስ ሕጻን ክትጸውር ከይተጠራጠረት ሕራይ ስ ለ ዝበለት። ፍቕርቲ ማርያመይ፡ ከምቲ ንሸኺ ዝገበርክዮ፡ ኵሉ መዓልታት ሕይወተይ ንኢየሱስ ናብ ካልኦት ከም ዝጾሮ ግበርኒ።

# እቶም ሰለስተ ጓሶት

ሓደ እዋን፡ ሰለስተ ንኣሽቱ ቈልዑ፡ ኣብ ፋጥማ ትበሃል ንእሽቶ ቐጐሸት ይነብሩ ነበሩ። ፋጥማ ኣብ ፖርቱጋል ትርከብ ቀጐሸት እያ።

እዞም ሰለስተ ቈልዑ፡ ሉቺያ፡ ፍራንቸስኮን ጃቺንታን፡ ኣባጊዕ ወለዶም እናጓሰዩ እንከለዉ፡ ብሃንደበት፡ ሓንቲ ጽብቕቲ ሰበይቲ ኣብ ቅድሚኦም ደው በለት። “እዛ ሰበይቲ ካብ መንግስተ ሰማይ ዝመጸት ክትከውን ኣለዋ'ምበር፡ ካብ ገሃነመ እሳት ዝመጹ ሰባት ድኣ ክሸፍኡ ገለ'ንድዮም፡” በለት ጃቺንታ።

እታ ሰበይቲ መን ምዃና ተገልጸትሎም። ምእንቲ ሓጢኣ ተኛታትን ምእንቲ ሰላም ዓለምን ድማ ብዙሕ መቐጐጸርያ ክገብሩ ተላበወቶም። ብዙሓት ኣህዛብ ምእንቲ ድሒኖም መንግስተ ሰማይ ክኣትዉ ናብ ኣምላኽ መስዋዕቲ ከዕርጉ እውን ነገረቶም።

ዳሕራይ እዋን፡ ንፍራንቸስኮን ጃቺንታን ናብ መንግስተ ሰማይ ወሰደቶም። ሉቺያ ግና እታ ዝተባረኸት ድንግል ማርያም ብሕዝቢ ምእንቲ ክትፍለጥን ክትፍቀርን ክሳብ እዚ ቐረባ እዋን ጸኒሓ ዓረፈት።

ብርኽቲ ኣደይ፡ ኣነ እውን ከም ብዓል ጃቺንታን ፍራንቸስኮን ናብ መንግስተ ሰማይ ክመጽኪ እደሊ እየ። ኣደየ፡ ናብ እግዚኣ ብሔር መስዋዕቲ ከዕርግ እሙን ክኸውንን ምሉእ ሕይወተይ መቐጐጸርያ ክገብርን ሓግዝኒ።



# ቅድስቲ በርናርደት

ቅድስቲ በርናርደት ሓንቲ ንእሽቶይ ፈረንሳዊት ጓል እያ ነይራ። ንሳን ስድራኣን ከኣ ኣብ ዓዲ ፈረንሳ፡ ኣብ ሉርድስ ዝበሃል ቦታ ይነብሩ ነበሩ። በርናደት ብሕማም ዝማሰነትን ተነቃፊትን ጓል እያ ነይራ። ግና እዚ ኹሉ ጸገማት ብዘየገድስ፡ ንእግዚኣብሔር ብዘይመጠን ተፍቅሮ ነበረት።

ሓደ እዋን፡ ምስ መሓዙታ ኾይና ዕንጸይቲ ኽትኣሪ መሮር ምስ ወፈረት፡ ሓንቲ ጽብቕቲ ሰበይቲ ተራእየታ።

እታ ሰበይቲ መቑጸርያ ሒዛ ነበረት። ክንደይከ ትምጨን ትቑንጅን!

ንሳ ንበርናርደት ብቐጻሊ ትረኣያ ነይራ ክሳብ ሓደ መዓልቲ ንበርናደት ፍሽኽ ኢላ፡ “ኣነ ንጹሕ ጽንሲ እየ፡” ክትብል መን ነታ ትገልጸላ።

እዚ ኸኣ፡ እታ ቅድስቲ ድንግል ብዘይ ሓጢኣት ኣዳም ከም ዝተጸንሰትን ዝተወልደትን ማለት እዩ።

ካብኡ ንኔው፡ ኣብ ልቢ በርናርደት ፍቕሪ ድንግል ማርያም ኣዝዩ እናዓበየ ኸደ። ንሳ መዓልቲ መዓልቲ መቑጸርያ ትገብር ነበረት።

ቅድስቲ በርናርደት ነታ ብርኽቲ ኣደ ከፍቅራ ከም ዝግብኣኒ ትምህረኒ።

